# ረቡዕን ሰንበትን ዚሕሰብ፡ናይ ክብሪ ምሥጢር።

**ቀዳማይ** መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ካብ ሞት ከምዝተንሥኤ የተሓሳስበና።
*ስለምንታይከ ነቲ ሕያው ኣብ ሙታን ትደልያኦ ኣሎኽን ንሱስ ተንሢኡ እዩ። (ሉቃ.24፡5-7)*

**ካልኣይ** መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ብክብሪ ናብ ሰማይ ከምዝዓረገ የተሓሳስበና።
*ኪባርኾም ከሎ ከኣ ካብኣቶም ተፈለየ፡ናብ ሰማይውን ዓረገ።(ሉቃ.24፡51)*

**ሳልሳይ** መንፈስ ቅዱስ፡ኣብ ጽርሓጽዮን ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ከምዝወረደ የተሓሳስበና።
*ኣብ መበል 50 መዓልቲ ድኅሪ ፋሲካ...ሓደ ብርቱዕ ህቦብላ...ካብ ሰማይ መጽአ፡ነታ...ቤትውን መልኣ...ንኹሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም። (ግ.ሓ.2፡1-4)*

**ራብዓይ** እግዝእተና ማርያም፡ንሰማይ ከምዝፈለሰት የተሓሳስበና።
*ዓብይ ትእምርቲ ኣብ ሰማይ ተራእየ፡ፀሓይ ዝተወንዘፈት፡ወርኂ ብእግራ ዝረገጸት 12 ከዋኽብቲ ከም ኣኽሊል ኣብ ርእሰሳ ዝደፍአት ሓንቲ ሰበይቲ ተራእየት።(ራእ.12፡1)*

**ኃምሳይ** ናይ እግዝእትነ ማርያምን፡ናይ ቅዱሳንን ክብሪ የተሓሳስበና።
*እነሆ ድማ ካሎም ኣሕዛብን ዓሌታትን...ዝተኣከቡ፡ጻዕዳ ክዳውንቲ ተኸዲኖም፡ጨናፍር ስየ ሒዞም፡ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ረኣኹ።(ራእ.7፡9-)*